# ዘሊኞኪ ርእዩ

ዓቐብ፣ ቁልቁለትን፣ ጎቦታት መገድን
ርስሓት ተኸዲነ፣ ዶሮናን ሓመድን
ፍቕርኺ ብምድላይ ክንደይ ተንከርቲተ
ብኽንደይ መከራ፣ ብዙሕዉን ሃውቲተ
ዓቢረ፣ ጸሊመ፣
አብ ደጌኺ ቖይመ!
ዓይንኺ ንምርአይ ምድፋሩ አብዩኒ
ርስሓተይ ዘሊኞኪ ዶኾን ትርእይኒ!

ሓመድን ዶሮናን ዝተኸደንኩዎ
'ዙ ኹሉ መከራ አነ ዘሕለፍኩዎ
ንዒ! ቕርብ በሊ፣ ካብ ዙፋን ውረዲ
ልቢ ርአዩ 'ምበር ክዳን አይትፈረዲ
ንፍቕረይ ጠሚትኪ
ልብኺ ኸፊትኪ
ብረሳሕ ኽዳነይ እንተይታለልኪ
ተቐበልኒ 'ንዶ "ፍቕረይ፣ ሓወይ!" ኢልኪ።

ገ/ኢ. ጐርፉ።